Tigrinya

ክፍሊ/ዓመት 1 ን 2 ን

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽርታት: ኣብ ገዛ ምምሃር

**ናብ ደገ ንምውጻእ ክትዳሎን ካብ ገዛ ክትወጽእ እንከሎ ነቲ ዝግበር ውጥን ሓሳባት ቁጽሪ**

## ኣብ ማኪና ውሽጢ

ኣብ ማኪና ውሽጢ ውላድኻ ከይስልችዎ ብሓባር ክትጻወቶ ትኽእል ብዙሕ ጸወታታት ኣለው:

- ምስ ውላድኻ ኾይንካ ንማካይን ምቁጻር። ነንሕዲሕዲኡ ማካይን ሕብረ ቐለማት ብምቁጻር ነቲ ጸወታ ቁሩብ ዝበለጸ ተሓታቲ ምግባር። ንናይ ሕድሕዲኡ ማኪናታት ሕብረ ቀለም ምቁጻርን ምምዝጋብን እሞ ኣብ ጉዕዞ መወዳእታ ኣይኑ ሕብረ ቀለም ከምዝሰዓረ ምርኣይ። ነንሕድሕዲኡ ሕብረ ቀለም ዋጋ ግምት ምሃብ። ንኣብነት፡ ንጸዓዳ ማካይን = 1 ነጥቢ፣ ንጸሊም ማካይን = 2 ነጥቢ፣ ንሰማያዊ ማካይን = 3 ነጥቢን ይቕጽል።
- በዚ ዝስዕብ ዘኣመሰለ ቋንቋ ተጠቒምካ ብዛዕባ ኣቕጣጫ ምዝራብ: *ናብ ጸጋም፣ የማን፣ ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምብራቕ ከምኡ'ውን ምዕራብ።*
- መፍለይ ቁጽሪን ፊደላትን እን ዳተጠቕምካ ውላድኻ ብኸመይ ኣብ መንገዲ መምርሒ ማፒ/ካርታ ምንባብ ወይኻዓ ብናይ ኤሌትሮኒክስ መምርሒ ከምዝሰርሕ ምርኣይ።
- ኣብ ነዳጅ ኣገልግሎት ጣቢያ በዚ ስዝዕብ ዘኣመሰሉ ሕቶታት ንውላድኻ ምሕታት: *ሎሚ ናይ ነዳጅ ዋጋ ክንደይ እዩ? ከምኡ'ውን ብኸመይ ፈሊጥኻ'ዮ?*

## ኣብ ጐረባብቲ

ምስ ውላድኻ ኾይንካ ብናይ ጐረባብቲ ከባቢ ብእግሪ ክትኸይድ እንከሎ:

- ነቲ ገዛ ቁጽሪ እንዳመልኸትካ እሞ ኣበይ ከምዘለዉ ምዝርራብ *ጐደሎ ወይኻዓ ሙሉእ ቁጽሪ*
- ብዛዕባ ቅርጺታት ምዝርራብ, ንኣብነት: *ቕድሚያ ምሃብ ዝብል ምልክት ሰለስተ ኵርናዕ ዘለዎ እዩ*
- ናብ መሓዛ ገዛን ናብ ሹቕቓት ብእግሪ ክትኸዱ እንከሎ ብዛዕባ ኣቕጣጫታት ምዝርራብ።

## ኣቕሑት ምዕዳግ

ኣቕሑት ክትዕግድ እንከሎ ውላድካ ብሓባር ክነብር ምግባር:

- ሰለስተ ዓቕን ግዝፊ ንዘለዎም ነገራት ብምርኣይ እሞ እቲ ነገር ብምንታይ ከምዝጽዋዕ ምዝራብ፤ ንኣብነት: *እዚ መጕእ ዘለዎ ቅርጺ ክኸውን ይኽእል*
- ብዛዕባ ሰልዲ፣ ማዕድናዊ ገንዘብ፣ ወረቐቲ ገንዘብን ክሬዲት ካርዲ ፈሊኻ ምፍላጥ ምዝርራብ፤ ንኣብነት፡ ኣቕሑት ንምግዛእ ትጥቐመሉ ማዕድናዊ ገንዘብን ዝውሃብ መልሲ እሞ ነቶም ኣቕሑት ንምግዛዕ ዝወጸ ጠቕላላ መጠን ከምኡ'ውን ተቐማጢ ገንዘብ/ credit ዘለዎን ዕዳ/debit ዘለዎ ካርዲ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ምዝርራብ።
- ሕድሕዲኡ ኣቕሓ ክንደይ ከምዘድሊ ምፍላጥ፤ ንኣብነት: *ሓደ ሰብ ክልተ ሳንድዊቾ እንተበሊዑ ንድራር ክንደይ ዝኸውን የድልየና?*
- ኣቕሑት ካብ ዓረቢያ ክተውርድ እንከሎ ከቢድ ከምኡ'ውን ፈኵስ ን ነዊሕን ንዝኾኑ ኣቕሑት ምፍላይን ብሓባር ምግባር።



Department of **Education**

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ
ኣብ ዌብሳይቲ **education.wa.edu.au.**

© Department of Education, Western Australia, 2015

CC BY